# ኣነ ንሃገረይ




ኣብ ሓረነታዊ ቃልሲ ፡ ተቦኲረ
ኣብ ናጽነት ፡ ንናጽነት ተወሊደ
ንሰላም ዓኹኽ ፡ ብፍቕሪ ሃገር ሰዊደ ፡

ዕድለይ ጸቢቑ ፡ ናጽነት ተረኪበ
ልዑላውነተይ ክውሕስ ፡ ንፍረ ዓምቢበ ፡

ከመዮ ንህቢ ፡ ናብ ዕምበባ ዝዓስል
ሕድረይ ክፍጽም ፡ ንልምዓት ክሰላስል
ግቡኣይ ኮይኑ ፡ እጃመይ ክካፈል ፡

ኣይውዓል ኣይሕደር ፡ ነብሰይ ከመሓድር
ንቕሓት ተደሪረ ፡ ሃገራውነት ከማዕብል
ካብ እግሩ ከይተርፍ ፡ ክስዕብ ኣሰር ንኣሰር
ዓቕመይ ከማዕምብል ፡ ህዝበይ ከይድፈር ፤

መሲልዎም ዝንኣስኩ ፡ ብኣይ ክሽቅጡ
ካብ ኲቱር ስስዐ ፡ ዓይኖም ዘፍጥጡ
ባህገይ ወሪስዎም ፡ ኣናሻዕ ዝረማጥጡ
ኣነ ንሃገረይ ፡ ልቦም"ድኣ ይሕበጡ ፡

ኣብ ቦታ ታሪኽ ፡ ንክህሉ ተፈጢረ
ንታሪኽ ክውርቕ ፡ ወዲ ታሪኽ ተባሂለ
ንሕሉፍን ዘሎን ፡ ኩሉ ኣዛሚደ
ኣሰር ጅጋኑ ምስዓበይ
ንጸላእትና ኣመና ዘሰንበደ
ኣነ ንሃገረይ ፡ ዝዓበደ እንተዓበደ ፡

ሸገይ ወሊዐ ፡ ግምባረይ ክስስን
ንቕሕት ደሊበ ፡ እጃመይ ክውድን
ዕላማይ ፈሊጠ ፡ ነብሰይ ከማእዝን
ኣነ ንሃገረይ ፡ ንሓቦን ትብዓትን ፡

ሎሚ ግዳ ፡ ብርሃኑ ዝደመቐ
ናብራ ገድሊ'ካ ሓሊፉ ፡ ምስናይ ሎሚ ኣወዳዲረ
ናይ ሽው ጸገም'ኳ ፡ ብኒሕ ዝተሰግረ
ናይ ሎሚ እገዳ'ውን ፡ ፈሻሊ'ዩ ከይተበገሰ ፡

ኣነ ንሃገረይ ፡ ተቢዐ ኣለኹ ተሳሒለ
ንክብርታተይ ክነድቕ ፡ ንወለደይ መሲለ
ቀጻልነት ሂወተይ ፡ ብሃገራውነተይ ክልለ
ኣብ ግምባረይ ተሰሪዐ ፡ መትከለይ ዓቲረ
ዓወትና ናይግድን ፡ ሃገራውነት፡ዘማእከለ ፡

ዓወት ፡ንሓፋሽ !